**’ማሕታ’’**

**’’1ይ ክፉል’’**

**<u>ሕታም ቑ.2 ሰነ 1975 ዓ.ፈ</u> ብሓልዮት ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ኣብ ሜዳ ዝሕተም ወርሓዊ መጽሄት።**

ነቲ ኣብቲ እዋንቲ ዝነበረ ብቐዓት መርሒነት እትምስክር፡ ንቕሓት ሰራዊትን ስሩዕ ህዝብን ሓፍ ንምባል ዝካየድ ዝነበረ ፖሎቲካዊ ኣስተምህሮ ኣብ ውሽጢ’ዛ መጺሄት ማሕታ ንመልከት።



# ርእሰ ኣንቀጽ

## ካብ ፋሽስታዊት ጣልያን ናብ ፋሽስታዊት ኢትዮጵያ

ሃገራት ኤውሮጳ ኣብ ኣፍሪቃ ግዝኣተን ንምስፋሕፋሕ ይገቀባቀባ ኣብ ዝነበራሉ እዋን፡ጣልያን ኣብ መጀመርታ፡ካብቲ ቀዳዳም፡ ቲ ዳሚራ ስለ ዝነበረት ገለ ካብቲ ገና ዘይተታሕዘ ዝነበረ ቦታታት ኣፍሪቃ ንምሕዛ ተሃንጠየት፡፡ካብ ሰሜን ኣፍሪቃ ንለብያ ካብ ምብራቕ ኣፍሪቃ ድማ ንሶማልያን ኤርትራን ኣብ ትሕቲ ግዝኣታ ንምእታው ከኣለት፡፡በዚ ጥራይ ከተዕገስ ግን ኣይቦነሳን፡፡ኣብ መንጎ ኤርትራን ሶማልያን ንዝላ ኢትዮጵያ ከተዕምታውን ብዙሕ ጸዓረት፡ኣብ መወዳእታ ድማ ተዓወተት፡፡

ጣልያን ፋሽስታዊ ወረርኣ ኣብ ልዕሊ ኢትዮጵያ ተፈጽመሉ ኣብ ዝነበረት ግዜ ንተቓውሞ ሕዝቢ ኢትዮጵያ ንምድኻም ካብ ዝተጠቀመትሉ ብልሓታት ሐደ ክልተ ክንጠቅስ፡፡ጣልያን ካብ ሕዝቢ ዓቢ ተቓውሞ ይገጥማ ስለ ዝነበረ ነዚ ተቓውሞ እዚ ንምጥፋእ ሶሚ ኣብ ማይ ትንስንስ፡ናይ ጋዝ መርዚ ብነፈርቲ ትነፍሕን ፡ ከም ዝነበረት ታሪኽ ይገልጽ፡፡እዚ ከይኣኽላ ድማ ኣብ ማእከል ኣዲስ ኣበባ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ሕዝቢ ገራስያኒ ኣኪቡ ከም ዝቐለፆም ኣብ ዓዓመት ብስም ""ሰማእታት""ዝኽበር በዓል የዘኪረና ኣብ ማይ ሶሚ ምንስናስን ናይ ጋዝ መርዚ ምንፋሕን ዓለማዊ ሕጊ ዝኽልከሉን ናይ ወዲ ሰብ ሕልና ዘይፈቅዶን ናይ ገበነኛታት ስራሕ ስለ ዝኾነ ካብ ሕዝቢ ዓለም ንወረራ ፋሽስታዊ ጣልያን ዘይተቓወመ ኣይነበረትን፡፡ጣልያን ምስ መሐዛታ ጃፓንን ጀርመንን ናይቲ ግዜቲ ገበነኛታት ኮና፡፡ኣብ ልዕሊ ወዲ ሰብ ዝፈጸምኦ በደለን ገፈዐን ድማ ተሐቲተን ፍርደን ተቐበላ፡፡ኢትዮጵያ ድማ በዚ ናይ ዓለም ርእይቶ ተደጊፋ ካብ መግዛእቲ ጣልያን ነጻ ወጸት፡፡

መንግሥቲ ኃይለስላሴ ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ገኒኑ ዝነበረ፡_
ናይ ሕዝቢ ኢትዮጵያ ሽግር ንምፍታሕ፡መነባብሮ ሕዝቢ ክብ ንምባለ
ን፡ኣብ ክንዲ ጦርኮትኮት ዝበለ፡ናጽነት ኢትዮጵያ ተመሊሱ ኣመስ
ጊኑ ኣብ ክንዲ ዝዓርፍ፡ናጽነት ካልኦት ሕዝብታት ንምግፋፍ ተዓጥ
ቀ፡፡ፋሽስትነት ጥልያን ምሉእ ሕዝቢ ዓለም ኩኒኑዎ፡ኣንጻሩ ተዓጢ
ቁ ኣብ ዝወደቀ ግዜ ኃይለ ሥላሴ ጠደ ካልእ ናይ ጸሊም ፋሽስትነ
ትን መግዛእትን ጀመረ፡፡እቲ ካብ ኩሉ ዘገርም ገዛእ ሕዝቡ፡ሕዝቢ
ኢትዮጵያ ኣብ ትሕቲ ፋሽስትነት ጥልያን ዝሐለፎ ስቓይ ገና ብውዑ
ዩ እንከሎ፡ንሱ ንካልኦት ሕዝብታት ኣፍሪቃ ናይ ፋሽታዊ ስቓይ ም
ሽንያት ምኳኑ እዩ፡፡ "ክምቲ ንዓኻ ክገብረኻ ዘይተደሊ ንካልኦት
ኣይትግበር "ዝበለ ትምህርቲ ሊቃውንቲ ኣይተገንዘቦን፡፡መቢሉዎ ይ
ኣ እምበር ጥልያን ኣብ ልዕሊ ኢትዮጵያ ክትዐወት ዘይከኣለት ኢት
ዮጵያ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ክትዐወት ከም ዘይተኻእለ ታሪኻዊ ኣብነ
ታት ኣሎ፡፡ድሌት ሕዝቢ ኢትዮጵያ ብሙሶሊኒ ክኹለፍ ኣይከኣለን፡፡
ኃይለ ሥላሴ ኤርትራን ሶማልያን ጥንታውያን ግዝኣት ኢትዮጵያ ስለ
ዝነበራ ምስ ኢትዮጵያ ክጠብራ ኣለወን ኢሉ ካብ ዝኣወጀሉ ዕለት
ጀሚሩ ክሳብ ሎሚ፡ጥልያን ኣብ ልዕሊ ኢትዮጵያ ዝፍጸሞ ዝነበረ ፋ
ሽስትነት ብዝበለጸ ክእለትን ሜላን ኣብ ልዕሊ ሕዝቢ ኤርትራ ይፍ
ጽሞ ነይሩን ኣሎን፡፡ካብ ምብራቕ ኣፍሪቃ ፋሽስትነት ጥልያን ብፋ
ሽስትነት ኢትዮጵያ ከም ዝተተክአ ንማንም ስውር ኣይኮነን፡፡ተመሃ
ሮ ሙሶሊኒ ኃይለ ሥላሴን ናይ ሕጂ ወተሃደራዊ ደርግን መምህርም
ሮ ሙሶሊኒ ኃይለ ሥላሴን ናይ ሕጂ ወተሃደራዊ ደርግን መምህርም
ር ሙሶሊኒ ኃይለ ሥላሴን ናይ ሕጂ ወተሃደራዊ ደርግን
ኣብ ልዕሊኦም ዝፍጸሞ ዝነበረ ግፍዕታት ብገብሪ ዘጸገዕዎ ስለ ዝ
ኮኑ ኣብዚ ግዜዚ ብፍልጠትን ፋሽስትነት ሙሶሊኒ ኣዚዩ ተዓጻጺ
ፎም ይርከቡ፡፡ንፋዓት ተመሃሮ ሙሶሊኒ ምኳኖም ኣመስኪሮም፡፡
መንግሥቲ ኃይለ ሥላሴን ድሕሪኡ ዝመጸ ወተሃደራዊ ደርግን፡
ብሂሎም ... ኤርትራ ዘለዎ ቀጥታ ጠዐ እዩ ኣይተቐየረን፡፡

እቲ ቀዳም ዝነበረ ፋሽስታዊ ቀዋም ብዝያዳ ፋሽስታዊ ደአ ኹነ·
ምበር ዝተቐየረ የለቦን::ማክያቬሊ እቲ ውሩይ ኢጣልያዊ ጸሓፊ
ይብል "ጠንተስ አብ ዕላማኻ ዶእ ብጻሕ·ምበርን አብኡ ንምብጻሕ
እትጥቐሙሉ አገባብስ አየሕም የካን እዩ:: "ማክያቬሊ ከምዚ ከብል
እንከሎ አብ ዕላማኻ ንምብጻሕ: ዋላ ቐተለ ሕረደ: መርዚ·ውን:
ኩሉ ከትገብሮ እትኽእል ግበር:ግን ነቲ ጠላፍነት ናብ ካልኦት
ኡጸገዓዮ። ነዚ ንምግባር ወቐር:ጠሉ: ምጠለ ጥጠለ:ናይ ቆራለ
ምግታእ አየፍርሀካ ግን ኩሉ ገዚ ጠቕኝን ለዋህን ምስል:ማለት
እዩ::መንግሥቲ ኃይለ ሥላሴን ወተሃደራዊ ደርግን:ካብ መጀመርታ
ክሳብ ሕጂ ብዚ ብዕሉግ ፍልስፍና·ዚ ይምርሑ ነይሮምን አለውን::
ጉዳይ ኤርትራ ውሽጣዊ ጉዳይ ኢትዮጵያ እዩ:አብ ናይ ሃገርና ው
ሽጣዊ ጉዳይ አይትእቱ ብዝብል ጉለባብ ሽፋኖም ንምሉእ ሕዝቢ
ኤርትራ ናይ ምጽናት ስጉምቲ እናወሰዱ: አብ ታሪኽ ወዲ ሰብ ተ
ወዳዳሪ ዘይብሉ ብዕሉግ ገበን እናፈጸሙ እንከለው:በቲ ጠደ ወገን
ነቲ ዝገብርዎ ዘለው ብዕለገና ብረድዮኦምን ጋዜጥኦምን ገይሮም
ቀጐዓት ከመስሉ ናብ ካልኦት የጸገዕዎ ወይ ድማ ንኽይወጽእ ዓቢ
ጦም ሰቀ ይብሉ:: ነዚ ንምስራሕ ብዙሕ አብነታት ክንጠቅስ ንኽ
እል::

ታሪኽ ሰውራ ኤርትራ ከም ዘብርሁ:ኃይለ ሥላሴን ወተሃደራ
ዊ ደርግን ካብ መምህርም ሙሶሊኒ ዝተማህርዎ አዘውቲሮም ድማ ዝጥ
ቀሙሉ:ሕሱርን:ብዕሉግን:መሳርሒ ምት "ስሚ" እዩ::ካብ 1970
ዓ.ም.ፈ. ክሳብ 1975 ዓ.ም.ፈ.ብዙሕ ሰብን ጥሪትን ብስሚ
ኢትዮጵያ ሃሊቁ:ብዙሕ ዒላታትን ዛረታትን ተመሪዙ:ጠያሉ ገበነይ
ናታት·ውን ናይ ስሚ ምንስናስ ተለእኽሎም አብ አፍጿም ተታሒዞም
ብፍላይ ብ1970 ዓ.ም.ፈ.መጀመርያ ናይ ስሚ ወረራ ስለ ዝነበ
ረ አብ ባርካን:ሳሕልን:ሰምሃርን ብእሽጠት ኢጓጻራ ጥሪትን:ማለ

ላያ ዘይብሉ ቁጽሪ ሰብን ከም ቁጽሊ ረጊፉ፡፡እዚ ከይኣክል ኣብ
መጀመርታ 1974 ዓ.ም.ፈ. ኣብ ከባቢ ሸዐብ/ ማይ ላባ ማይ
ሎሳን/ ከባብ 300 ዝኾኑ ሰባትን ካብ 1000 ንላዕሊ ዝኾኑ
ጥሪትን ብመርዚ ኢቶ ጸጸያ ምጥፍኡን መን ክርስዖ ይኽእል፡ካልእ
እንተ ረስዓ እቶም ብዚ ተንከሉ እዚ ዝተኻቀዩ ይርስዕዎ'ዶ ይመ
ስለኩም፡ "ዝወገአ ክርስዕ እንከሎ ዝተወግኤ ኣይርስዕን" ኢሎኩ
ም እምሓረ ተምሰሉ ኢኹም፡፡ንስኹም ከም ወጋእቲ እንተ ረሲዕኩም
ንሕና ከም ተወጋእቲ ከም ዘይንርስዕ ዘነዘኻኽረኩም ገሬቱ፡፡ኣብ
ርእሲ እዚ ኩሉ ደማ ቀደሚ ቁረብ እዋን ኣብ ከባቢ እሥመራ ቁጽ
ርም ብርከት ዝበለ ናይ ገንዘብ ግዙኣት፡ኣብ ኩሉ ማያት ሰሚ ክን
ስንሉ፡ደርጋውያን ኣቀፊርምዎም፡ገለ ካብኣቶም ተታሒዞም ከም ዝተቀ
ጽዑን፡ናይ ደርጊ ምስጢራዊ ወፈራ ሰሚ ኣብ ቀደሚ ሕዝቢ ከም ዝገ
ለጹን ዚዝከር እዩ፡፡እዚ ኩሉ ተሑተ ናይ ሰሚ ገበን እናፈጸሙ"
"ሸፋቱ ኣብ ዒላ ሰሚ ገይሮም፡ጠመሸተ ካብ ገዛእ ብጸቶም ሞይ
ቶም፡ብሕቡእ ጠደ ከይፈለጠ ተቐቢሮም፣ ብዙጠተ ከብቲ ሞይተን ብ
ምስጢር ከይተፈለጠ ነጺደን ኪብሉ ከለዉስ ንመን ከእምኑ እዮም፡፡
መን'ዩ ብዚ ዝታለል "...ብሕቡእ ጠደ ከይፈለጠ "ዚተቐብረ ብ
ጸትን፡ "...ሞይተን ብምስጢር ከይተፈለጠ "ዚነደዳ ከብትን ብመን
ርእዩዎን ወሪኣን ብራዱዩ ተገለጸ፡ኣብ ከባቢ ሸዐብ ብሰሚ ንዝጠ
ፍኤ ህይወት ብሕማም ሸርኽ እዩም መይቶም ኢሎም ብራዱዩ እንተ ለ
ፍለፋ መንደ ዝእምኖም ነይሩ'ዩ፡፡ጠበተ ደርጊ ዓይኒ ዘይብሉ፡ሕቡ
ር ናይ ሸቐጥ ንርፖጋንዳ ኣብ ርእሲ ምኧኑ፡ኪገብሮያ ዝደለዩ ሕሳ
ፍቋቋገበን ጠላፍነት መታን ክየስክፎም፡መገዲ ምጽራግ ይመስል፡፡

ወተሃደራዊ ደርጊ ኣብ ኤርትራ ተፋጽሞ ዘላ ገፍዕን በደልን
ብሃንደበት ዚገበር ኣይኮነን፡፡ብመጽናዕቲ ተመርሚሩ፡ብመደብ ዝሰራ
ሕ ናይ ወተሃደራዊ ደርጊ ፍሉጥ ስትራተጂ እዩ፡፡ብዱሕሪኡ ደማ ሰፊሕ
ናይ ጽረ ሰውራ ተመክሮ፡ፍለስፍናን ኣሎ፡፡

እዚ ናይ ጸረ ሰውራ ፍልስፍና ኣብ ታሪኽ ገድሕሪት ርሒቑ እዩ ካብ ዝኸይድ እንተኸኣለ ብጕልሒ ብገብናል ማኪያቨሊ ኣቢሉ፡ብንጡብሊ ገን ሂታለርን ኣብ ገብሪ ተሪ ቲኑ/ኣይ ተዓወተን ወዲቑ/: ብናይ ሃጸይነትን ጸረ ሰውራውያን ሊቃውንቲ ተጸኒዑ ኣብ ቬትናም ተሪ ቲኑ ዋጋ ዘየውጽእ ናይ ጸረ ሰውራ ዓሕረዋይ/ገዝያዊ/ ብልጠት እዩ::ናይ ሃጸይነትን ጸዩንነትን ጸረ ሰውራውያን ሊቃውንቲ : ዝኸነ ይኹን ሕዝባዊ ፍሕሕታ ንኺጠፍእ:እቲ ሕዝቢ ራዕዲ ኪእቲ ያን:ኪሰደድን እለዩ ኢሎም ይኣምኑ::እቲ ገዚኢ ደርቢ ኪወቅዓ ዘለዩ ዕላማ "ሕዝቢ" ክኽውን እለዩ:ይብሉ:: እታ መንግሥቲ ዘለዋ ጠይሊ ኩሉ ብዝለዓለ ደረጃ ዱሩዓት መኪይን:መፍዕ:ብብ ዓይነቱ ብረት:ነፈርቲ:መራኽብ:ወዘተ. እንጻር ሕዝቢ ክተውዕሉ ይገብኡ እናበሉ ይምህሩ:: ነቲ ሕዝብን ነቶም ተጋደልትን ንም ፍላይ እቲ ሕዝቢ ከቀጥቅጥ:ኪጠሚ:ኪጠምም:ከረግፍ:ናይ ምንባር መሰሉ ኪቕንጠጥ:ሰላም ከስእን:ክነድድ:ክሕረድ:ኪዘረፍ:ክዕመጽ ራዕዲ ክእትዩ ኪሰደድ ወዘተ. እለዩ እናበሉ ሃጸያውያን ሊቃውን ቲ እፎም መሊሶም ይገዕሩ::ሊቃውንቲ ደርገ ዱማ ኣብ ርእሲ'ዚ ኣብ ኩሉ ዓያት ሰሚ ምንስናስ ነቲ ነገር ከቀላጥፍ ይኽእል ኢ ሎም ይኣምኑ::

ደርጊ ኣብ ሃገርና ዘለዎ ወተሃደራዊ ሰትራተጂ ልክዕ እዚ እዩ::ሰሚ ኣብ ማይ ነስኒስካ ንህዝብን:ጥሪትን ክትጥፍእ ምጥፋእ ናይ ቶም ብጠቂ ዱጡራትን:ሰብኣዊ ክብሪ ዘይብሎም ብዕሉ ጋትን ደና ቁርን:ሕሱር መንገዲ እዩ::ብኣፍም ከም ዝገዕሩዎም እቲ ዝገብሩዎ ምእንቲ ዱሕነት ሰብ እዩ:ግን ንወዲ ሰብ መታን ከተዱሕና ኢልካ ኣይተጥፍኦን ኢኻ::ጠንቱስ ንተዓወት እምበር ካልእ ኣይገዱሰናን እዩ ኢልካ ኣብ ዝተጠተን ዱቶቕን ብዕሉግን ዘይጥዕሩግን ሰርሐት ምጉንባሕ ናይ ጸረ ሰውራ ስነ ጠባብ ከም

ጠባብ መጠን ከባብ ከንደይ ከምዘንቀለቐለ የብር ሃለና:: ናይ ኢትዮጵያ ፋሽስትነት ኣብ ኤርትራ ይኹን ኣብ ኢትዮጵያ ጉድጓዱ ይፍጠር ምህላው ስውር ኣይኮነን::

## ደቂ ኣንስተይ

## ኣብ ደርባዊ ሕብረተሰብ

ደርባዊ ሕብረተ ሰብ ዝብሃል ቅሕዝቶ ሃብቲ/ ቁጠባዊ ትሕዝቶ/ናይ ጠንቲ ሃገር ኣብ ኢድ ውሑዳት መዝመዝቲ ባዕዳውያን ወይ ደቂ ሃገር ተታሒዙ፣ ቁጠባውን:ፖሊቲካውን:ባህላውን መሰል ናይቲ ጠፋሽ ሕዝቢ ግን ተገፊፉ ኣገልጋሊን ባርያን ናይቶም መዝመዝቲ /ገዛእቲ/ኮይኑ ዝርከበሉ ሕብረተ ሰብ እዩ::

ኣብ ኩሉ ደርባዊ ሕብረተ ሰብ እቲ ገዛኢ ደርቢ:ነቲ ሕዝቢ ተሰማሚዑ መታን ከይነብር፡ዓ ንዘለዎ ሽግራት ከአ ተጠጋጊሁ ከይፈትሕ ብብዙሕ መንገዲ ፈላሊዩ ይገዝኦ::እዚ ከአ ብሃይማኖት ብኣውራጃ ብጾታ ከምኡ'ውን ብኸምኡ ዝኣምሰሉ መገድታት ገማሚዑ ንመግዛእቲ ከም ዝጥዕሞ ይገብር::እቲ ቀንዲ ድሌት ናይዚ ገዛኢ እዚ ናይ ገዛእ ርእሱ ሃብቲ ንምድላብን:ነቲ ሕዝቢ ጠመዱ ደፊኡ እናሰተየ ጠይሉ ንምድላዓሉን እዩ::ስለዚ ንመብዛሕትኡ ወዲ ሃገር ኽብዱን ቁርናን:ሕማምን:ጥምየትን የውድቖ::እቲ ሕዝቢ ርሃጹ ብዘምጽኦ ሃብቲ ዘይምሃረሉ ወይ ደቂ ከይምህረሉ:ዘይፍውሱሉ:ዘይበልዓሉ:ዘይከደነሉ ምኽንያት የብሉን እንታይ ድአ ነቲ ርሃጹ ዘምጽኦ ሃብቲ ገዛኢ ደርቢ ሸለታት ኪሰርሑሉን:ኪስዕስዑሉን:ኪዛወረሉን:ናይ ብሕቲ ድልየቶ ኪፍጽሙሉን ስለ ዝርከብ እዩ::

እዚ ኣብ ከፋእ መናባብሮ ዝርከብ ሕዝቢ ሰብኣይ ይኹን ሰበይቲ ጓል ተኹን ወዲ: እስላማይ ይኹን ክርስትያን ጸላኢኡ ሓደ እዩ:: ንሱ ከአ እቲ ንብሕቲ ጥቅሙ ኢሉ ናይታ ሃገር ቁጠባዊ/ኢኮኖሚ-ያዊ/ ትሕዝቶ ኣብ ትሕቲኡ ከም ዱላቶ ዘምዝምዝ ዘሎ ገዛኢ እዩ:: ስለዚ እቲ ቀንዲ መሰረቲ ናይዚ ገዛኢ "ፈላሊኻ ግዛእ" ዝብል ጥበብ ምዃኑ ተረዲእና ብሓደ ሓይሉ ንጸላኢ ሁር ምስ እንብሉ ናትና ሕብረት ውዱቕት ጸላኢ ከም ዘምጽእ ርግጽ እዩ:: ሕዝቢ ምስ ዝሓብር ጸላኢ ዓቕሚ የብሉን::

ኣብ ዱሑር ሕብረተ ሰብ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ናብራ እንተ ተመልከትና ኣብ ዘሕዝን መነባብሮ ኪነብራ ይርኣያ:: እዚ ከአ ሰከዐ ከምቶም ኣብ ድንቑርናን: ሕማምን: ጥምየትን ወዲቖም ጸለሚትዮም ዚነብሩ ደቂ ተባዕትዮ: ዚነብራ ደቂ ኣንስትዮ'ውን ኣለዋ:: ካብኡ ንላዕሊ'ውን ደቂ ኣንስትዮ ብምዃነን እቲ ደርባዊ ሕብረተ ሰብ ብዛዕባኤን ዝተፈለየ ኣረኣእያ ኣለዎ:: ስለዚ ሕብረተ ሰብ' እዚ ጓል ካብ ናይ ወዲ ዝተፈለየ ኣተዓባብያ ተዓቢ:: እዚ ከአ ሰውነታ ለምሉም: መለኮዓ ኪኸውን'ዩ ምስ ዓበየት ከም ሓደ መለከዐ ኣቕሓ ተመሪጻ ንሓደ ወዲ ተባዕታይ ከተውሃብ ብዝብል እምነት ናይቲ ሕብረተ ሰብ: ነዊሕ መንገዲ ከይተኸይዱ ብጸለማት ካብ ገዛ ከይተወጽአ: ከቢዱ ኣቕሓ እውን ከይተለዓለ ተኸለከለ:: ከምቲ ዝተደለዮ ከአ ለምለምትን ዱኽምትን ተኸውን:: ምስ ዓበየት ከአ ተምርዖ:: ኣብ ቤት ገዝኣቲ ናይቲ ቤት ሰብ ብሕልፊ ከአ ናይ በዓል ቤታ ኮይና: ህይወታ ኩሉ ብምንጽርጻር ብምብሳልውን ብምንሃይን ሓንቲ መዓልቲ ከይተሓጐሰት ተሕልፍ:: ኣብ ሃገራዊ ሰርሓት ነቲ ሕብረተ ሰብ ዝጠቕም ስራሕ ከይትሰርሕ: ኣብ ትሕቲ ሰብ ተጸቒጪካ ንምንባር ካብቲ ኣተዓባብያኣ ዝሓዘቶ እምነት ንኣእምሮኣን ጉለበታን ኣዱኪሙዋ ይርኢ:: እቲ ከተገብሮ እተኸእል ብቐረብ ደቆዝ ኣብ ዝኾነ ቦታ ከም ንምንዝርና: ከዱምና ምግልጋል'ዩ እዚ

ከአ ንመነባብሮአ ዘይከተተ እዩ::ጽቡቕ ደሞዝ ዘለወን ደቂ አ
ንስተይ አለዋ ግን እዚአተን አዝየን ውሑዳት እየን:: እተን
ዝበዝሐ ናይ ትምህርተን ናይ ስራሕን ዕድል አይውሀበንን'ዩ:
ስለዚ ናይ ግድን ንመነባብሮአ ዝኽእላ ጠደ ከተረከበ:አገልጋ
ሊቶ ቦይና ከአ ከተነብር ተገደዳ::እዚ ከአብዕውር እምነት ን
ዘይኮነ ነገር ከም ዝኾነ ምምሳል:ንሰብ ከም አቕሐ ወይ ከም
ካልአ ካብ ሰብ ንታሕቲ ዝኾነ ጊርካ ምርአይ ካብ ጠቒ ዝርጠቐ
እዩ:: ስለዚ ደቂ አንስተይ አብ ደርባዊ ሕብረተ ሰብ ቦታአን
አብ ቤት ገዛአተ ምዃን ጥራይ እዩ::አብቲ ሃገራዊ ዝኾነ ሰር
ሐት ንምክፋል ግን ንዓታተን ሕልሚ እዩ::ጠባባተን አብ ከሽነ
ን አብ ደቀንን በዓል ቤተንን ጥራይ ይውሰን::

አብ ገጠር እንተ ተዓዘብና ደቂ አንስተይ ካብ ንእስነተ
ን ናይ ገዛ ስራሕ ይምሃራ እዚ ከአ:መግቢ ምስራሕ:ገዛ ምጽራ
ይ:ክዳውንቲ ምሕጻብ:ከምኡ ዝአምሰሉ ናይ ገዛ ሰራሐተን ይምሃ
ራ::ከምቲ ቀደም ዝተጠቀሰ ደማ ጠባባተን ኩሉ አብ መርዓ ጥራ
ይ ከም ዝኸውን ብኹሉ ኩሉ ይህነጻ::ድሕሪ መርዓ ምስቲ ሰብአ
ይ አብ ጻህያይ ቦነ አብ ምዕጻድ ወዘተ.ንኸተሕግዞ ተወፍር'ዎ
ጠቢርዎ አቶቶም የአተው::ንገዛ ምስ ተመለሱ:ናይ ገዛ ስራሕ
በይና ተሰርሖ::ንሱ ደማ ከምቲ ብንእሽቶአ አብ ገዛአ ዚተማህ
ረቶ ጸብሒ ምስራሕ:ማይ ምውዓይ:እግሪ ምሕጻብ:ምጥሐን:ምልንቓ
ጥ ወዘተ. እዩ::ምስ ናይ እዚ ኩሉ ግን አብ ናይ ዓዲ አመጠ
ዓደራ ቦነ ጠፈሻዊ ንዓዲ ዘርኢ ነገራት አይተካፈላን::እንተ
ከሊላስ እንታይ ተካህለ፤ እንታይ ተገበረ፤ሊላ ተጠተተ'ዎ ርአ
ይቶአ ከተቐርብ ስለ ዘይተኽእል ከምዜእንተ ዝኸውንዶ አይምጠሽ
ን ወይ ''ጽቡቕ ገይርዎ''ዝበለ መልሲ ብትሕቲ መልጠባ ተዛረብ
ናብራ ምስ ዘይሰማማዓ፤ምስ በዓል ቤታ ስምምዕ ምስ ዘሰአን፤

ንደያ መዐበዪ ይኾን ንርእሳ ኩሉ እቢቱ ሰብአይ ሰለ ዝኾነ ተ
ጸሚማ ከተ ነበር ተገደዱ።።ከገደይ ጸርፍታት እውን ተቐበለ።።
ገነበሳ ከእ ከም ጠንቲ ነጻ ሰብ ከም ጸገዐቱ ናይ ካልእ ሰብ
ገይራ ተወሰኣ።።

እቢ ከተማታት ዘለዋ ደቂ እንስተይ እንተ ዱእ ርእና ከእ
ናብርአን ካብቲ ናይ ደቂ ገጠር ዝኸፍእ ኩይኑ ገረኸቦ።።እቢ ሬ
ቀይ ከተማታት ማእለያ ዘይብሉ ቤት መስተታት እመንዝራታት ደቂ
እንስተይ ዝርከብኦ ብዘይ ጠለ ምቐጻጸር ናይቲ መንግሥቲ ቁራል
ናይ ሕዝቢ ንምጉዓእ ይርኢ።።እዚ ከእ ንጠደ ከፍሊ ናይቲ ሕብረ
ተሰብ ማለት ንደቂ እንስተይ ወይ ንደቂ ተባዕተይ ጥራይ ዘይኮ
ነስ ንኩሉ ብጠፈሻ ዚጎድእ እዩ።።ነተን ደቂ እንስተይ ከም ስእ
ሊ እሰናዒለን ዐዓጋ ከም ዝኸደለን ምግባር፤እቶም ደቂ ተባዕተይ
መስተ ከም ዝሰትዩ ገንዘቦም ከም ዘጥፍኡ ምግባር፤ብብወገኖም
ተባላሸዎም ብዛዕባ ሃገሮምን ሕዝቦምን ካብ ምሕሳብ ዘዘንጊዖም
እዩ።።እዚ ንምርካብ ከእ እያ እታ ዉቃኒት መንግሥቲ ቤት መስ
ተታት ብብዝሒ እተፍቅዱ።።እንተኾነ ግን እታ ዝጠሰረት ኮይና
እትርከብ እታ ጋል እንስተይቲ እያ።።ነብሳ ብገንዘብ ከትሸይጥ
ከላ ተጠጉሳ አይኮነትን።።እንታይ ዱእ ካልእ ናይ ሰራሕ መንገዲ
ሰለ ዘይብላ፡እቲ ዉቃኒ መንግሥቲ ዘብርኸተ ዘሎ ናይ ሥራሕ ቦ
ታታት ዶማ ንሱ ጥራይ ሰለ ዝኾነ እዩ እምበር፤ብሰኸራን ማለት
ሰውነቶም ብመስተ ዝገዝእ ምጸራፍ፡ከም መጻወቲት ብቲ ጠደ ጥዑ
ይ ብቲ ጠደ ከእ ምንጥ ምባል ሰቀያት ከም ዚኸና ማንም ቀኑዐ
ሰብ ዝርዱእ እዩ።።እሞ እንታይ ዱእ እዩ መፍትሒኡ እርተራዉያን
እጠተን ከምዚ ኢለን መጻወቲ ኪኾናሽ እንታይ ይሰምዓና መሰሎ
ነቲ መንቀሊ ዝኾነ መግዛእቲ ምብርኛቱ እዩ።።

ብዘይካ እዚ እቢ ከተማ ዝርከብ ካልእ ንምርእይ ዘሰካሕ
ከሕ ነገራት እዉን እሎ።።እዚ ከም ናይ ምዕራባዉያን ባህሊ፡

ከም ጥራሕካ ምስጓጓዕ፡ሓሽሽ ምስታይ፡ደቂ ኣንስተይ ምግባስ፡ሱቕ ኢሉካ ናይ ሕዝብኻ ኩነታት ከይርኣኻ ኣብ በዓይ ዘሎ በላም ምሕላም፡ከምኡ እውን ካሰኣ ቁራስ ናይቲ ሕዝቢ ዝሰበር መባያት ኣብ ናይ መንእሰያት ደቂ ኣንስተይን ደቂ ተባዕተይን ፡ሓባባት ብረጽ ኣሎ፡፡ ሃጸያዊት ኣመሪካ ገዛና ዝጌዳእ ነገራት እንተ ዘይኮይኑ ዝማዕበለን ዚጠቕምን ነገራት ዝገበረትን፡እተገበርን ዘሎን ኣይተምጽኣልናን እያ፡፡ኣብና ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ብዙሓት ሃገራት ዝገበረቶን፡እተገበርን ዘሎን እዩ፡፡ብብዙሕ ሓባባት እተሓሊ ዘሎ ወቢሉ እቲ ኣብ ዓዓ ዝገበር ጸይቕታት ከተበርእፍሕ ተጸዕር፡፡

ኣምበኣር ብሓጺሩ ኣብ ላዕሊ ከም ዝተጠቕሰ፡ብቲ ደቂ ኣንስተይ ብድሙር ሕብረተ ሰብ ናይ ገዛ ስራሕ ሓንጒሉ ዝናዕጽን ሓይልኻ ዘይከምን፡ሕልናኻ ዘይከምን ዓይነት ሥራሕ ወይ ከኣ ኣወንዝርነት ጥራይ ተወሲኑ ይርከብ፡፡

ጓል ኣንስተይቲ ከም ሃገራዊት ዜጋ መጠን ኣብ ሃገራዊ ስራሓት ኣይተኻፈለን፡፡ከተበርክትን፡እዚ ከኣ እቲ እተበርክቶ ዓይነት ሥራሕ ኣብ ከንዲ ንጥቕሚ ገለ ሰብ ንጥቕሚ ጠቕላሊ ሕዝቢ ኪኸውን ኣለዎ፡፡ እዚ ኣብ ሓንቲ ናጽነትን ሓርነትን ዘለዋ ሃገር ጥራይ እዩ ዚከኣል፡ኣምበር ከምቲ"ናይ ምዕራባውያን ማሕበር ሓርነት ደቂ ኣንስተይ"ዚብ ሃሰ ኣሎ፡፡ደቂ ኣንስተይ ሓራ ክንወጽእ ኣሎና ኢልና፡ወበረት ናይ ጭቆና ከይፈለጥና ማዕርነት ማዕርነት ኢልና ምጉራፍ ኣይኮነን ዝወጽእ፡፡እዚስ ገምዕራባውያን ደቂ ኣንስተይ ኣብ ማዕርነት ኣየምጽኣላን፡፡ደቂ ኣንስተይ ናይ ቻይና፡ቬትናም፡ኩባ፡ካምቦዲያ፡ሩስያ ማዕርነት ማዕርነት ማዕርነት ኢለን ብኣፈን ጥራይ ኣየሁተፍተፋን፡፡ማዕርነት ይረፍካ ኣይኮነን ዚርከብ፤ተጋዲልካ ዚጭቆነካ ዘሎ ገዛኢ ካብ ሱሩ በር ቈጺካ ተገምጢሉ እሞ ሓዱሽ ሕብረተ-ሰብ ተምስርት፡፡

ሓዱሽ ሕብረተ ሰብ እዚ ወዲ ተጋዓታይ ጓል እንስተይቲ ኢሰኻ
ብጾታ ከይፈላለኻ ብማዕርነት መሰሎም ይሕለዋሎም::እምበእርከ
ስ ማዕርነት ንደቂ እንስተይቲ ብፍላይ ዘርኢ ጥራይ ዘይኮነስ:
ሓርነት ናይ ምሉእ ሕዝቢ እዩ::እቲ ሕዝቢ እብ ናይ ሥራሕ:
ናይ ትምህርቲ:ናይ ሕክምና:ናይ ፍርዲ:ናይ ፖለቲካን:ናይ ባ
ህልን መሰል ምሉእ ክህልዎ ማዕርነት አለዎ ይብሃል::

## ተራ ደቂ አንስተይቲ አብ ሰውራ ኤርትራ

ሰውራ: ሃጸይነት:መስፍንነት:መግዛእቲ ብለጸን ምድሕርሓርን :
ደምሲሱ:ሕብረተ ሰብአዊ ምቀይያር ንምምጻእ ዚገበር ሕዝባዊ
ገድሊ እዩ::እቲ ብሰውራ ዚገበር ሕብረተ ሰብአዊ ምቀይያር ን
ኩሉ ሰብ ብዘይ ገለ አፈላላይ: ሃይማኖታዊ ወገናዊ ወዘተ. ሰብአ
ዊ መሰሉ ዚሕልወሉን:ሓላፍነቱ ፈሊጡ ንሕዝቢ ንምግልጋል ክነብ
ር ዘኽእሎን ማዕርነትን ሓቅን ዘለዎ ሕብረተ ሰብ ምምስራት
ዝገበር ለውጢ እዩ::

ሕዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ሓደ ካብቲ ናይ ዓለም
ሰውራታት፣ዚኾነ ሃገራዊ ደሞክራሲያዊ ውድብ እዩ::ኤርትራውያን
ደቂ አንስተይቲ አብ ሕዝባዊ ሓይልታትን አብ ተጋድሎ ሓርነት ኤ
ርትራን ካብ ዚሰለፋ ቁሩብ ጊዜ ሓሊፉ::እዚ ከስ ''አነ ድእ
ከመይ ገይረ ክኽእል''ብዘይምባል ጓል ትኹን ወዲ:መግዛእቲ ኢ
ትዮጵያ መሪር ፃም:ዚነበሮም ናብራ ኩሉ ጠንጢኖም ተሰሊፎም::_
ይርከቡ አለው::ሓደ ሕዝባዊ ገድሊ ከስ ሕዝቢ ብምሉእ
ምስ ዚሳተፍ:ናብ ዓወት ገጹ ይበጽሕ ክም ዘሎ ዘረድእ ዓቢ ም
ልክት እዩ::ኤርትራውያን ደቂ አንስተይቲ ካብ ቁጽረን ፍርቂ ናይ

ሕዝቢ ኤርትራ ኣቢሉ ይኸውን::ሰውራ ኤርትራ ናብ ዓወት መታ ኪበጽሕ ዱሉ ኣንታይ ተራ ከህልወን ይግባእ::

ኣብ ሕዝባዊ ሓይልታት ደቂ ኣንስትዮ ኣብዚ ዓመት እዚ ብብዝሒ ተሰሊፈን ይርከባ፣ ይሰለፋ እውን ኣለዋ::እዚ ውዱብ'ዚ ገስጋሲ ሕንጻጻትን መትከላትን ሰለ ዘለዎ ማዕርነት ደቂ ኣንስትዮ ይሕሉ::ከከም ክእለተን ከከም ተደላይነተን ኣብቲ ውዱብ ኣብ ዘሎ በብዓይነቱ ሰርሓት ንደቂ ኣንስትዮ ተራአን ግቡአን ከምቲ ዘለዎ መትከላትን እምነቱ ኣፍሊጡ መዲቡወን ኣሎ::

ደቂ ኣንስትዮ ልክዕ ከምቲ ወዲ ተባዕታይ ዓቕሙ ዝፈቕዶ ብንጹሕ ልቢ ንሰውራ ዘበርክቶ ሥራሕ ጓል ኣንስተይቲ እውን ምስ እተበርከተ ኸው መሰል ክልቲኦም ብማዕርነት ይሕለዎም::ክንብል ከሎና ሓደ ወዲ ተባዕታይ ክሰርሖ ዝኽእል ካልእ ወዲ ተባዕታይ ክዓይዮ ወይ ክኽእሎ ኣይክእልን እዩ እሞ ሓደ ካብ ሓደ ይበልጽ ክንብል ኣይንኽእልን::እቲ ድኹም ማዕረ እቲ ሓደ ሰለ ዘይኮነ ማዕርነት የብሉን እንተ በልና ትርጉም ናይ ማዕርነት ኣይተረዳእ ናዩን::እምበኣርከስ ደቂ ተባዕትዮ እተፈላለየ ሓይልን ክእለትን ከም ዘለዎም እንካብ ፈለጥና ደቂ ኣንስትዮ ድማ ሓንቲ ሓያል እታ ሓንቲ ድማ ድኽምቲ እያ፡ግን እታ ድኽምቲ ነቲ ሰውራ ብቲ ዓቕማ እተበርከተሉ ፍረ ሥራሕ ምስታ ሓያል ጓል ኣንስተይቲ እተበርከቶ ፍረ ሥራሕ ተሓጋጊዙ ነቲ ሰውራ ናብ ዓወት ገጹ ይደፍኦ::ኸው ናይ ክልቲኤን መሰል ብማዕርነት ይሕለወለን::ከምኡ እውን ደቂ ተባዕትዮ ከከም ክእለቶም ንሰውራኦም የገልግሉ እሞ መሰል ኩሎም ድማ ብማዕርነት ይሕሉ::

እምበኣርከስ ተራ ኤርትራውያን ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ሰውራ ኤርትራ ልክዕ ከምቲ ተራ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ካልኦት ሰውራታት ዓለ ዘለዎ ክእለተን ኣብ ዝፈቕደለን ነቲ ሰውራ ከገልግላ፡ኣብቲ ዘ ኽእለን ዝፈለይኦን ሥራሓት ብዘይ ሓደ ተጉላባ፡ብሰውራዊ

ንሕዝብናን ነጻነትን ሓርነትን ንምጕንጻፍ ክሳዕ ግዜ ዓወት ም ግኻል እዩ::ስለዚ ተራኡን ገለ ቴካዊ ትምህርቲ ምምሃር፣ኣብ ዓ ውዲ ውግእ ምውጋእ፣ንዝ ተወግኡ ምሕካም፣ኣብ ክፍሊ ገንዘብ ኣብ ክፍሊ ጸጥታ ምስራሕ፣ክዳን ምስፋይ፣ኣብ ክፍሊ ዜናን ክምኡ'ውን ኣብ ካልእ ሰውራዊ ስርሓት ምስራሕ እዩ::

ስለዚ ኤርትራውያን ደቂ ኣንስተይ ኣብ ሰውራ ኤርትራ ዓቢ ተራ ኣለወን::ኣብ ሕብረተ ሰብ ንዝሎ ድርብ ጭቆና ናይ ደቂ ኣ ንስተይ ንምቅዋም ንምድምሳስን ንኒ ንገኒ ኣሕዋተን ተሰሊፈን ይጋደላ ኣለዋ::ንነጻነት ሃገረንን [illegible]=ንሓርነት ሕዝብናን ደመን ንምፍሳስ ከእ ድሕር ኣይበላን እየን::

## ሓሶት ኣንተተደጋገመ ሓቂ ኣይከውንን ::

ሓድሽ ወተሃደራዊ መንግሥቲ ኢትዮጵያ፡ስም ሰውራ ሕዝቢ ኤርትራ ንምክፋእን፡ንሰዓቢኡ ሕዝቢ ኤርትራ፣ንምድንጋርን፡ሕዝቢ ኢትዮጵያ ድማ ውሽጣዊ ሽግሩ ረሲዑ፣ደርጊ ኣብ ኤርትራ ጸዜዬጸጸ ንዚ ገበር ፋሽስታዊ ኩናት ደጋፊ ኩይኑ መታን ኪርከብን ብዛዐባ ሰውራ ኤርትራ ዘይነፍጦ ሓሶታት የልቦን፡፡ምሉእ ናይ ኢትዮጵያ ናይ ወረ ማዐከናት፡ጋዜጣታት፡ራድዮ ዓቢ ናይ ምጽላምን ምፍርራሕን ምጥባርን ወፈራ ብምግባር ኻብ ደርጊ ዝተዋህበ መግለጺ" ብዝበለ ኣርእስቲ መሠረት ዘይብሉ ለጊብጋብ ሓሶት ደርጊ ኪለፍለፋ ይውዕላ ኣለዋ፡፡ደርጊ ሓሶታ መታን ከይቅላዐ፡ኣቅዲማ ንኹሉም ናይ ዓለም ናይ ዜና ኣገልግሎታት ወኪላት ካብ ኢትዮጵያ ስለ ዘባረረቶም ንገሊኦም ከኣ ኣፈራሪጦ ሱቕ ስለ ዘበለቶምን ዝኾነ ሓሶት "ደርጊ "ሓቀነት ከይተሓተ ይሓልፍ ኣሎ፡፡ምቕእ ናይ ሓሶት ኩነታት ረኺባ ኣላ፡፡

"ውጡጻት ሽፋተ"ን ኤርትራ ናብ ዓረብ ኪሽጡዋ ይደልዩ ኣለው፡፡ኤርትራ ዓረብ ኣያ ይብሉ፡፡ "ናይ ኢትዮጵያ ስረ ብናይ ዐረብ ደለብያ"ኣይልወጥን፣ክንደይ ሃለውለው ክንብሉ፡ ናይ ደርጊ ሓሶት ቀጸሪ የብሉን፡፡ኣዚ ኩሉ ፈጢራ ብዙሕ ዐላማታት ኪህልዎ ይኽእል፡፡ኣብ መንጎ ሕዝቢ ኢትዮጵያ ኣብ ዘርኢ ሰብ ዝ ተመሥረተ ናይ ጸልኢ መንፈስ ክሓፎር ኣዋ፣ሓፋሽ ሕዝቢ ኢትዮጵያ ኣንጻር ገዛኢ ጥቀሙ ዝኾነ፡ኣብ፣ኤርትራ ዝካየዱ ፋሽስታዊ ኩናት ደጋፍን ተሓባባርን ኩይኑ መታን ከርከብ ኣዩ፡፡ብኻለኣ ወገን ኣንተተዓዘብናዮ ድማ ሕዝቢ ኢትዮጵያ ኣብ ኤርትራ ጥራይ ኣተኩሩ ከጥምት ኣዎ ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ከኸውን ዘገበ ሕዝባዊ ሰውራ ፍሕሕታ ኣበርቲዑ ከምዝምዝን ዘበለ ናይ ደርጊ ይርከቦ ::

እቲ ቀንዲ ዕላማኡ ግን ሰውራ ኤርትራ ናይ ሓፋሽ ሕዝቢ ኤርትራ ድሌት ከሕሉን፡ብሓፋሽ ሕዝቢ ኤርትራ ዝድገፍን ዝምራሕን ምዃኑ ተሪፉ "ናይ ባዕዳውያን ውዲት" መሲሉ ከርከበ እሞ ደገፍትን ተሓባበርትን ንክስእን እዩ።ናይ ደርግ ሓበት ገሉጸ ብምዃኑ ንዓገም ሰብ ከታለለ ዝኽእል እኳ እንተዘይኮነ ከይመለኸናሉ ሱቕ እንተበልና ከም ካልእ ከይምበለ መለሱ እንሆ።

ሕዝቢ ኤርትራ አብዚ ነዊሕን፡ስቓዩን ዝኾነ ታሪኽ፡ ባዕዳውያን ገዛእቲ ሓደ ድሕሪ ሓደ እና ተኻታተሉ፡ብባዕዳዊ መግዛእቲ ይቖርን ነይሩ፡፡ ቱርካውያን፡ግብጻውያን፡ኢጣልያውያን፡እንግሊዛውያን፡እነዚ ዝሓለፉ ግዜ ድማ ኢትዮጵያውያን ብግዝኦም ኮ ቀባበሉሉ ጸኒሖም።እዞም ዝተባህሉ ገዛእቲ ነፍሲ ወከፍም ኤርትራ ምውራር ከመጹ እንከለው ነቲ ዝገጥሞም ዝነበረ ተቓውሞ ሕዝቢ ለድኪሞም ድአ ይገዝኡ ነበሩ እምበር ሕዝቢ ኤርትራስ ኢዱ ዘርጊሑ ሓንጐፋይ ኢሉ አይተቐበሎምን፡፡ ወይ አይዓደሞምን፡፡ብዝከአሎ መጠን ይቃለስ ነይሩን እሎን፡፡ ቃለሲ ሕዝቢ ኤርትራ ብሓይልን ምውዳብን፡ቀራጽነትን እዚ ቁ አብ ዘበርከቶ ግዜ አብዚ ዝሓለፉ እዋን ወተሃደራዊ መንግሥቲ ኢትዮጵያ አብ ኤርትራ ዘሎ ናይ ሓጺን ኢዱ ብሓይሊ ከፍንቀቀን ከሬምስን ምስ ርእየት ንሕዝቢ ኤርትራ ንምግምዓን፡ ንሕዝቢ ኢትዮጵያ ንምድንጋርን፡ንሰውራ ኤርትራ ንምጽላምን፡ እዚ ዘይብሃለ ናይ ዓቕሊ ጸበት ሓበት ተነዝሕ አሎ።ሕዝቢ ኤርትራ ታሪኹ ከም ዘብርሆ፡ንሓደ ባዕዳዊ ገዛኢ ከቃወም አንከሎ ነቲ ሓደ ንምእታው አይነበረን፡ሕጂውን እንተኾነ ንመግዛእቲ ኢትዮጵያ ናይ አምሓራ ባህላዊ ወረራን ብኻልእ ባዕዳዊ መግዛእትን፡ባህላዊ ወረራን ንኽትከእ አይኮነን፡፡ናይ ደርጊ ሖበት ግን ከተበልዩ ዝደለኻ አባ ጉንባሕ ዛግራ በሉ ከም ዘብሃለ ዘይኮነ ነገር ብምንዛሕ፡አብ መንገናን ልብ መንግ

ሕዝብናን፡ኣብ መንገ ሕዝብና ነንሓድሕዱ ዘይምስምማዕ ኣእቲ ፉ
ፈላሊዩ ኣስተርሕዩ ክገዝኣና ብምሕሳብ ዘሀቀኖ ሕሱር ፕሮፖጋ
ንዳ፡ንሕና ብኤርትራውነትና ኣንሕበን፡ኤርትራዊ መንነት ክጠፍእ
ዘይነፍቁ ብናይ ሰውራ ሃገራዊ ስምዒትን፡ብሸግር ሕዝቢ ኤርት
ራን ልብና ዝነደደ፡ደርጊ ኣብ ልዕሊ ሕዝብና ዘውርዶ ኣረሜናዊ
ገፍዒ መዓንጣና ዝሓረረ ኤርትራውያን ኢና ። "ኤርትራ ዓረብ
ኣይኮነትን" እናበለት ደርግ ብዙሕ ትልፍልፍ ። ነዚስ ከም ዳዊት
ክትደጋግሞ ትውዕል ኣላ ።ደርጊ ክትዝክሮ ዘይትደሊ ሓቂ ክነ=
ዘክራ ንፈቱ ።ኤርትራ ኢትዮጵያ ኣውን ኣይኮነትን፡ ኤርትራ
ፍሉይ ታሪኻን፡ምዕባለን፡ባህልን ልምድን፡ኣተሓሳስባን ዘለዋ
ፍልይቲ ሃገር እያ ።ንሕና ኤርትራውያን ድማ ሕዝብና ኣብ ነጻ
ነትን ሓርነትን በጺሑ ዕድሉ ባዕሉ ብምውሳን ናጻ ናይ ገዛእ
ርእሱ ናይ ሓረስቶትን ሠራሕተኛታትን ሕዝባዊ መንግሥቲ ተኺሉ
ክሳብ ዝርእያ "ዓወት ወይ ሞት" ኢልና ነቒልና ኣሎና ።
ናይ ደርጊ ሓሶት ቀጥቕ ኣይብለናን፡፡ዘይናትና ኣይለግበናን፡፡
ደርግ ዘይናታ ንምምንዛዕ ሓሶት መሳርያ ገራ፡ንሕና ድማ ዝገ
ብእና ንምርካብ ሓቂ ሒዝና ንቃለስ ኣሎና ።ኣብ መወዳእታ ግን
ሓቂ ኣብ ልዕሊ ሓሶት ከም ዝዐወት ኣብ ታሪኽ ዝተፈለጠ እዩ

መንግሥቲ ኣምሓራ ሓድነት ሕዝቢ ኤርትራ መታን ከይር
ከብ፡ንሓደ ክፋሊ ሕዝብና ዝፈተዎ ከምስል ኣንጻር ሓው ብረት
የዕጥቕ ነበረ ። ነቲ ሓደ ክፋሊ ሕዝቢ፡ ተፈታዊ ብምግባር ነቲ
ሓደ ድማ ናይ ድሕነቶን ሕይወቶን ውሕስነት ብምኽላእ ጥራይ
ከም ዝናበር ንኺገብር ብዙሕ ስልትታት ተጠቒሙ እዩ ። ሕጂ
ከም ዝናበር ንኺገብር ብዙሕ ስልትታት ተጠቒሙ ደርግ፡ ነቲ
ኣውን ናይ ኃይለ ሥላሴ ምልማል ዝኾኑ ኣባላት ደርግ፡ ነቲ
ኣውን ናይ ኃይለ ሥላሴ ኣረጊት
ናይ መዕበይኦም ኲስቢሲኦም ዝኾነ ናይ ኃይለ ሥላሴ ኣረጊት
ስልትታት ተጠቒሞም ንሕዝቢ ኤርትራ ክገማምዕዋ ይጽዕሩ ።

ሎሚ ግን ከም ቀደም አይኮነን::ሕዝቢ ኤርትራ አብዚ ግዜ እዚ ብሐድነት ጸኒዑ: ነቶ ዘይብሉ ስሙር ህገራዊ ግንባር ሃኒጹ አሉ ::እዚ ሐድነት እዚ ብደምን ዓጽምን ዝተነድቀ ስለ ዝኾነ ብ ቀሊሉ አይፈርስን :: ነፍሲ ወከፍ ኤርትራዊ ብግፍዒ ፋሽስታውያን ደርግ ኪቐተል አንከሉ ደሙን ዓጽሙን ከም ተወ ባሊ ሸሚንቶ ኰይኑ ነቲ ሐድነት ብዘያዳ ከደልድሎ ይርእ:: ሐድነት ሕዝቢ ኤርትራ ዘይንቕነቕ ምዃኑ ተዐብዩ ተደና አእም ሮ ደርግ ይረድኦ ::

ከም ኩሉ ሕዝቢ:ሕዝቢ ኤርትራ ብፍርሀን ራዕዱን ክንዛ አ አይፈቕዱን እዩ ::መብቱ ሃተለርን ሙሶሊንን ዝኾኑ አባላት ደርግ አሽጠት ዓዱታት አንተ አንደዱ:አሸጠት ሰላማውያን ሰባ ት አንተቐተሉ ጥሪትን ሀብትን አንተአብረሩ:ሰብአዊ ርሀራሄ ብዘይብሉ አገባብ ሕጻውንቲ አንስቲ ሽማግለታት ብጠቒ አንተ አሕረረ:ሕዝቢ ኤርትራ መሊሱ ዱአ ሰቡ ይቱርርን:አብ ቃሉ ከአ ይጸንዐን እምበር:ካብ ዱለየቶ ብፍርሒ ከም ዘይኩለፍ ዱ ር እመስኪሩ እዩ ::ፋሽስታዊ ተግባር ደርግ ንናይ ኤርትራውያ ን ናይ ምቅላስ መንፈስ የበርትዖ እምበር አየጕድሎን እዩ :: ስለዚ አባላት ደርጊ:ብጠይሊ ብረት ቀጥ ቒጥና ክንገዝአ ኢና: ዝብል ሕልሞም ከንቶ ምዃኑ መዓሙቕ ለቦም ይረድኦ ::ኤርት ራዊ ንቀኑዑ ዐሊማ ሕይወቱ አይበቅቕን እዩ ::ብጅግንነቱ ዝተ ፈለጠ:ብሰርሑ ዝተናእደ:ብመንነቱ ዝረተዐ ተባዐ ሰብ እዩ :: ደርጋውያን ምስ መን ይዋግኡ ምህላዎም ይረድኡ እዮም ::ኤርት ራዊ ፈካሪ አይኮነን ::ናይ ግብሪ ሰብ እዩ ::ንጠቦት ዋጋ አይህቦን:ፈኸራ ዐጀብ አይብሉን ::

ደርግ ማአለያ ዘይብሉ ዓዱታት ብግፍዒ እና አንደደት ብአሽጠት ዝቑጸሩ ሰላማውያን ሰባት ፈቒዱ እንዳ ጠነቕትን

እንዳ ጠረደትን፡ብሳንጃን፡ብጥይትን፡እንዳ ቀዘፈትን፤ዓዱታትን
ጥሪትን ብነፈርትን፡ብስምን እንዳ እባርዐትን እንከላ፤ንሕዝቢ
ኤርትራ እተጠራ ከተመስል፡ዓዱኹም ዝነደደኩም፡እኽሊ ናይ መን
ግሥቲ ከንህበኩም ምጹ እናበለት ትዛረብ ። ሕዝቢ ኢትዮጵያ ብ
ዝወረደ ደርቂ ኩነታት ምኽንያት ብጥምየት ዝመውት ኣሎ ። ሕዝቢ
ኤርትራ እውን እዚ ናይ ተፈጥሮ ሽግር እዚ እለዎ ። ኣብ ርእሲ-
ዚ ንሕዝቢ ወሪዱዎ ዘሎ ባሕርያዊ ሽግር፡ደርግ ባዕሉ ብገዛእ
ርእሱ ነቲ ሽግር ብሽግር [illegible]ንምድባስ፡ነቲ ዝጠመየ ሕ
ዝብን ዓዱን እኽሉን ዘራእቱን ብምንዳድ ጥሜት ወሲኹ ከተ
ብቅዕ ነቲ ናይ ባህርይ ሽግር ከተቃልል ዘይከኣለት እንከላ
ከተምስል እኽልኹም ዝነደደኩም እኽሊ ከንህበኩም ብምባላ ብጠ
ቂ የስሕቕ፡፡ብዚ እዋ መን ይታለል ደርግ፡ከዕሽ ዝኽእል እን
ተለዩ ካልእ ዱእ እናደዩ እምበር ሕዝቢ ኤርትራስ ብመሪር ተ
መኩሮ ተማሂሩ እዩ ።

ቀጺሉም ደርጋውያን ይብሉ "ናይ ኤርትራ ክፍሊ ሃገር
ሕዝቢ "ኤርትራውያን/ክብሉ ራዕዲ ስለ ዘእትዎም ኤርትራውያን
ክብሉ ኣይፈትውን እዮም፡/ ወሪዱኩም ዘሎ ሽግር ብሰንኪ"
ሽፋቱ ስለ ዝኾነ ካባኹም ከም ዝውገዱ ግበሩዎም ። መን እዮም
ሽፋቱ ። ንሕና ወይስ ደርግ፡፡መን እዮም ከተማ ከንፍትሽ ብዝ
ብሉ ጐለባብ ኣብ ማእከል ከተማ ንብረት ሕዝቢ፡_ወርቂ ሰዓ
ታት እቑሑት_ገዛ ጥረ ገንዘብ ወዘተ. ሕይወትኩምዶ ይሕሸኩም
ወይሲ ገንዘብኩም እናበሉ ብምፍርራሕ ዝዘምቱ፡/ኢረ መብዛሕቲ
ኡስ ሕይወቶምን ገንዘቦምን ዱእ ይዝምቱዎም/ ። ኩሉ ኣብያተ
ሽቕጥ እሥመራ ጋሕጒጦም ዝሰረቑ መን እዮም፡ብዝኸዱዎ ሰላማዊ
ሰብ ዝቐትሉ ህብቲ ሕዝቢ ዝምንዝዑ፡ደቂ እንበተይ ዝዕምጹ መን
ሰብ ዝቐትሉ ህብቲ ሕዝቢ ዝምንዝዑ፡ደቂ እንበተይ ዝዕምጹ መን

ኣይኮኑን፡ኩሉ ሰብ ንዓና ይፈትወና፡ናባና ይመጽእ፡ምስና ክዕ ለለ ባህ ይብሎ፡፡ይዓግና፡የኽብበና፡የጣቓዓልና፡እለለ ይበለለ ና፡ካብ ወተሃደራት ደርግ ግን እገረይ ኣውጽእኒ ኢሉ ይሃድም ይርሕቕ፡ንኽርእዩም ይጸልኡም፡፡ስለምንታይ፡ሽፋ ቱ ስለ ዝኾኑይ ኣይኮነን፡ዘይፕሪ ተም ዝደለ የ ዚሰር ቁ፡ዝዕምጹ ዝቕተሉ ሰብኣዊ ርህራሄ ዘይብሎም ኣራዊት/ገለ ኣራዊትሰቢ ገርማ ኣለዋ/ብምኳ ኖምይ ኣይኮነን ፡፡እምበኣርከስ ከም ገሩእ ሽፍታ ከብሃሉ ዝግ ብኦምሲ ደርግን ተሐባባርቱምን ብምኳኖምይ ኣይኮነን፡፡

ሽፋ ቱ ደርጊ ዘይኮኑዎ ከመስሉ ብዙሕ ይጽዕሩ ኣ ዮም ፡፡ ንእብነት ኣኳ፡ሰላማዊ ፍ ታሕ ዘይእምኑሉ እንክለዉ፡ፈቲኖም ንክ ብሃሉ፡ብዛዕባ ሰላም ብዙሕ ይገዕሩ ናይ ደርግ ናይ ሰላም ሐባብ ግን ብዘይ ሐቱ ኢዩካ ምህብ "ምኳኑ ንማንም ስዉር ኣይኮነን፡ ዉግእ ቀይዱ ምጅማሩ፡ደርግ ካብ ዓበይቲ ኢርትራውያን ዝ ቆመት እ ተዓራቂት ሽማግለ ኣውጺእ፡፡እዛ ሽማግለ መለእኽቲ ደርግ ሒዛ መጺኣትና ከም ዝ ነበረት ዘይርሳዕ እዩ፡፡እቲ መልእኽቲ እቲ ዱ ማ ቁም ነገር ኃይሊ ሥለሳ ወዲቑ እዩ እሞ ንዑ ኢዱኩም ሃብ ኩም ሂደጀጆእትዉ፡ይቕርታ ክንገብረልኩም እዩ፡ዝብል ፖሊትካዊ መሰጠቕ እ ዩ ዝ ነበረ፡፡ሕጂ እዉን ብሽፍሽፈት ኣባላት ዝ ቆመት ብመንግሥታዊ ደረጃ ዘይኮነስ ብናይ ሕዝቢ ደረጃ ምስ ሕዝቢ እተራኽብ ሐንቲ ሽማግለ ወጺእ ኣላ ፡፡ዱር ኣኳ ሰርሐ ብምጅማር ወተሃደራዊ መንግሥቲ ዝምጽኦ ለዉጥታት ብምዉቓዳስ ፈሽስታዊ መንግሥቲ በዓል መንግሥቲ በዓል ኣፕናፋ ከም መንግሥቲ ሰሜይ ገይራ እናእጋነነት ሕዝቢ ኣብ ምትሳል ተርከብ ፡፡ኣብዚ ሕዝቢ ኢርትራ ከሰ ተዉዕሉ ዘለዎ ወተሪ ዱእ ኣይሰሕትን እዩ እምበር እዛ ሽማግለ እዚኣ ብደርግ ተመልሚላ፡ንተቓሚ ወተሃደራዊ መን ግሥቲ ኢትዮጵያ እተዓዪ፡መሠረታዊ ዱላት ሕዝቢ ኢርትራ ክተቕ ህም እተዓጥቀት ቻኳና እዩ ፡፡

ልከዐ ከምቲ ሕዝብና ዝውዱኦ ዘሎ መሳርሒ ውግእ ኢትዮጵያ ከም
ዝሑሉ ጥይት ኮይና ሕዝቢ ከተዐርብ ዝመጸኢት ኮይና ማንም ከሰ
ሕቶ የብሉን :: ጉዳይ ሕዝቢ ኤርትራ፡ንሕዝቢ ኤርትራ ብዘይፈለጥ
ፃ፡ፈቐደ እዚስ እበቢ ናብርእም እጣጢሖም ዝነበረ ዝነበረ ደም
ዘይብሉም ኤርትራውያን ዝውክል ወይ ከአ ዝዱነ አይኮነን::ሕዝቢ
ኤርትራ ብደርግ ተመለሚሉ ዝመጸአ መንገኛ ከም ዘይብሉ ኩሉ ዩ
ረዱእ ዩ :: ሕዝብና አብ ሰውርኡ አሎ :: እዞም መንገኛታት ዱማ ምሰ
ደርግም አለው ::መሠረታዊ ዱሌት ሕዝቢ ኤርትራ ዘይገንዘብ ሰላ
ም፡ንሕዝቢ ኤርትራ ሰላሙ አይኮነን ::

ደርጋውያን አዘውቲሮም ካብ ዝሕሰውዎ ጠደ፡አብ ሜዳ ኤር
ትራ ተሰሊፍም ዘለው መንእሰያት "ውሑዳት ተንኰለኛታት" ጠሸሸ
እሰተዩም፡ብረት አዐጢቖም፡ብዘይለከዐ ከምዝዋገኡ ዝገብርዎም :
እዩም ዝብል እዩ :: እዚ እኳ ዓይኒ ዘይብሉ ጠቦት ሰለዝኾነ
ነዞም ጠሰውቲ ንዒቕና ዩም ጥራይ ሰቕ ኪንብል ምተገብአ :: ካብ
እለዓለሻ ግን ከንነግረሎም :: አብ ኤርትራ ጠሸሸ ከነገሰ እዎ
መንእሰያት ኤርትራ ጉዳይ ሃገሮምን ረሲዖም ዘርም ዘርቆ ከተ
ርፋ እተሕለን መንግሥቲ ኢትዮጵያ፡ንዓና ብጠሸሸ እሰኪርም ብዘ
ይለቦም ብረት ተሰኪሞም አለው ከተብለና እንከሎ ብጠፂ ከርቶም
ሊለና ንሰሕቕ :: ጠሸሸ ሰሚ እዩ : : ብሰሚ ከተጥፍእና እተምነ ከ
እ "ደርግ" ዱእ እዩ እምበር ንሕናን ነበሰና ብጠሸሸ ከንምረዝ
አይንደለን :: የግዳስ መንግሥቲ ኢትዮጵያ አብ ኤርትራ አቓልቭ
ጠሸሸ ንከነግሥ እተገብሮ ዘላ ፈተነ ብምቕዋም ዘይሕለለ ጻዕሪ
ከንገብር ምዃንና ነፍለጥ :: እብዚ መንግሥቲ ደርግ ከንጠተኩም
እንደለሰ እቶም ካብ ዓዲ ንፋሰን በለዛን ማይ ሑጻን ምሰ ከ
ንደይ ነፈርተኹምን መኻይንኩምን መዱፍዕኩምን ብጅግንነት ጨለ
ገሙኩም ኩሉ እቕሑትኩምን መኪይንኩምን ገዲፍኩም እግረይ እው

፩፭፲=፲፩፻፸፱=፵/=